# ስሉጥ መርመራ* ኮቪድ-19 ከምዘለካ እንተርእዩ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

**ስሉጥ መርመራ* እንኮላይ ድማ ከም ‘ኣንቲጀን መርመራ’ ይፍለጥ።*



- ቀልጢፍካ ተወሸብ።
- ኣባል ሰራሕተኛ ካብ Coronaopsporing ክረኽበካ እዩ። ባዕልኻ እውን ን Coronaopsporing **ብቴሌ. 32 32 05 11**ደዊልካ ክትረክብ ትኽእል።
- ደጊምካ ካልኣይ *ናይ PCR ምርመራ* ቀልጢፍካ ግበር። ንመርመራ ቆጸራ ኣብ **coronaprover.dk** ክትሕዝ ትኽእል።
- ናብቲ ማእከል ምርመራ PCR ኣብ ትኸደሉ እዋን፣ ህዝባዊ መጓዕዝያ ኣይትጠቀም፣ ከምኡ’ውን CE-ምልክት ዘለዎ ናይ ገጽ ማስክ ምግባር ኣይትረስዕ።

## ኮቪድ-19 ከምዘለኒ ዘርእይ ስሉጥ መርመራ ከሎ ንምንታይ እዩ ናይ PCR ምርመራ ዘድልየኒ?



- እቲ ስሉጥ ምርመራ ውጽኢቱ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን በቲ PCR ምርመራ ክረጋገጽ ይከኣል።
- ብካልእ ፍሉይ ዓሌት ናይ ቫይረስ ተለኺፍካ እንተኾይንካ ኣብ’ቲ PCR ምርመራ ክርአ ይኽእል። ብኸምዚ መንገዲ ድማ እቶም ሰብ ሞያ ነቲ ዝርግሐ ናይ’ዚ ፍሉይ ዓሌት ክከታተሉ ይኽእሉ።
- *እቲ ውጽኢት ካልኣይ PCR ምርመራ ኣዎንታ ምስዝኸውን* ፣ ነብሰ ውሸባ ክትቕጽል ኣለካ። ዝያዳ ኣብ **www.sst.dk/selvisolation**።

## ናይ PCR ውጽኢት ምርመራ ኣሉታ ምስዝኸውን እንታይ ክገብር ኣለኒ?

- *እቲ ውጽኢት ካልኣይ PCR ምርመራ ኣሉታ ምስዝኸውን* ፣ከምኡ ድማ ዝኾነ ምልክታት እንተዘይብልካ፣ ነብሰ ውሸባ ከተቋርጽ ትኽእል ኢኻ። እንኮላይ ድማ ቀረባ ርክባት ምልላይ ክቋረጽ ይኽእል እዩ፣ ስለዚ ድማ ናይ ቀረባ ርክባትካ ነብሰ ውሸባ ከቋርጹ ይኽእሉን ምርመራ ምግባር ኣየድልዮምን። ናብ Coronaopsporing **ብቴሌ. 32 32 05 11** ብምድዋል ምልላይ ኣይ ቀረባ ርክባት ብኸመይ ተቋርጽ ዝምልከት ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል።

## ምርመራታት ሓደ ደረቕ ስእሊ ናይ ኩነታት መልከፍቲ ጥራይ እዮም ዝወስዱ።

ክልቲኦም ምርመራታት- ስሉጥን PCRን- ኣብ'ቲ እዋን ምርመራ መልከፍቲ ብኮቪድ-19 ኣለካን የብልካን ዝነግሩ ደረቕ ስእሊ ጥራይ እዮም ዝወስዱ። ስለዚ ድማ ውጽኢት ናይ ምርመራኻ ብዘይገድስ፣ ዝርግሐ ናይ'ዚ ቫይረስ ንምውጋድ መምርሒታት ምኽታል ኣገዳሲ እዩ- ከም ኣብነት፥ ማሕበራዊ ርሕቀት ምሕላው፣ ግቡእ ጽሬት ኣእዳው ምሕላው ከምኡ'ውን ምልክታት እንተለካ ኣብ ገዛ ምውሻብ።

**ብዛዕባ ምርመራ ናይ ኖቭል ኮሮናቫይረስ ዝያዳ ንባብ ኣብ sst.dk/coronatest ይርከብ**

**13.04. 2021**